TIR

ጀነራል ኮሚሽነር ስደተኞታትን ሃገር ኣልቦ ሰባትን

ኣብ ቤልጅየም ግዚያዊ ናይ ዑቕባ መሰል ተዋሂብኩም መሰላትኩምን ግዴታኹምን

.be

እዚ መምርሒ ብኩሎም መሳርሒ ቋንቋታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኮሚሳርያት ስደተኛታት ይርከብ፤

www.cgrs.be/en/publications

ኣሕታሚ፤

ዋና ኮሚሽነር ስደተኛታትን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን (CGVS)

Ernest Blerotstraat 39

1070 BRUSSEL

ቴሌፎን፥ 02 205 51 11

cgvs.info@ibz.fgov.be

www.cgvs.be

ሓድሽ ሕታም፥

መጋቢት 2026 ዓ.ም

ትሕዝቶ

መእተዊ 4

1. ናብራ ኣብ ቤልጅየም 5

መንበሪ ፍቓድ 5

1.2. ሕጊ ቤልጅየም ምኽባር 5

ንግዚያዊ ናይ ዕቕባ መሰል ብወለንታኻ ምሕሳም 6

1.4. ምምንጣል ወይ ምስሓብ ናይ ግዚያዊ መሰል ዕቕባ 7

1.5. ቤልጅየማዊ ምኽን 8

2. ሰነዳት ሲቪል መዝገብ 10

3. ንኣባላት ስድራቤት ዝኸውን መንበሪ 10

3.1. ደቅኻ 10

3.2. ምጥርናፍ ስድራቤት 11

4. መገሻ ናብ ወጻኢ ሃገራት 14

5. ስራሕ 16

6. ትምህርቲ 18

6.1. ቤት ትምህርቲ ንህጻናት 18

6.2. ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ 21

6.3. ናይ ኣፍልጦ ምሃብ ንዲፕሎማ 22

7. ማሕበራዊ ድሕንነትን ማሕበራዊ ሓገዝን 26

8. ክንክን ጥዕና 27

8.1.1. መድሕን ጥዕና 27

8.2. ጥዕና ህጻናት 28

9. መንበሪ ኣባይቲ 29

10. ውህደት 31

10.1.1. ናይ ውህደት ኮርስ 31

10.2. ትምህርቲ ቋንቋ 33

11. ፍሉይ መሰላት ኣላዩ ንዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ቆልዑትን 34

መእተዊ

ዝኸበርኪ / ዝኸበርካ

ዋና ኮሚሽነር ስደተኛታትን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን (CGVS) ግዚያዊ ናይ ዕቕባ መሰል ሂቡኩም ኣሎ። እዚ ድማ ብዙሕ መሰላት ይህበኩም። ይኹን እምበር፡ ንስኹም'ውን እተማልእዎም ግዴታታት ኣለዉ ።

ኣብ ቤልጅየም ከም 'ስደተኛ' ብዛዕባ መጻኢኹም ሕቶታት ከምዘለኩም ዘጠራጥር ኣይኮነን። መልሲ ኣብዚ ዝስዕብ ገጻት ክትረኽቡ ኢኹም። ኣብዘን ዝስዕባ ገጻት ንሕቶታትኩም ዝምልስ ብዙሕ ሓበሬታ ክትረኽቡ ተስፋ ንገብር ። ጥርጣረ ምስ ዝህልወኩም፡ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ክትረኽቡ ድሕር ኣይትበሉ።

እዛ ብሮሹር እዚኣ መሰረታዊ ሓበሬታ ትህብ። ኩሉ ዝርዝራትን ንኡሳን ነገራትን ክትሸፍን ኣይከኣልን እዩ። መሰላትኩምን ግዴታታትኩምን ኣብ ምኽባር ጸገማት እንተ ኣጋጢሙኩም፡ ምስ ጠበቓ፡ ሕጋዊ ኣገልግሎት፡ ወይ ንሓደ ካብቶም ኣብ መመላእታ ናይዚ ብሮሹር ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣገልግሎታት ክትረኽቡ ድሕር ኣይትበሉ። ብተወሳኺ ንቤልጅየማዊ ዜግነትን ሰነዳት መንነትን ዝምልከት ሕቶታት ንምርካብ ናብ ምምሕዳር እትቕመጥሉ ከተማ ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም፣ ወይ ድማ ንማሕበራዊ ጉዳያት (ውህደት...) ወይ መተካእታ እቶት ዝምልከት ሕቶታት ንምርካብ ናብ ህዝባዊ ማእከል ማሕበራዊ ድሕነት (OCMW) ናይ ኮሙንኩም ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። ቤት ጽሕፈት ዜጋታት ወጻኢ ሃገራት ብዛዕባ ቪዛ፡ መንበሪ ፍቓድን ምጥርናፍ ስድራቤትን ዝምልከት ሓበሬታ ክህበኩም ይኽእል እዩ።

ኣገልግሎት ዋና ኮሚሽነር ስደተኛታትን ሃገር ኣልቦ ሰባትን እውን ብዝተኻእለ መጠን ንሕቶታትኩም ንምምላስ ኩሉ ግዜ ቅሩብ እዩ።

ኣብ ሕብረተሰብ ቤልጅየም ብዝተኻእለ መጠን ዝያዳ ስኒት ዘለዎ ውህደት ክህልወኩም ይምነ።

ሶፊ ቫን ባልበርገ

ጀነራል ኮሚሽነር ስደተኛታትን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን።

1. ናብራ ኣብ ቤልጅየም

መንበሪ ፍቓድ

ካብ ዋና ኮሚሽነር ስደተኛታትን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን ናይ ግዚያዊ ናይ ዕቕባ መሰል ዝህብ ውሳነ ተቐቢልኩም ኣለኹም። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ ቤልጅየም ንውሱን ግዜ ክትነብሩ መሰል ተዋሂቡኩም ኣሎ። ነዚ ናይ ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ ውሳነ ወረቐት ብምሓዝ ናብቲ እትነብሩሉ ከተማ ምምሕዳር ሒዝኩሞ ብምኻድ ትምዝገቡ ። እቲ እትነብረሉ ቦታ ምምሕዳር ድማ ኣብ መዝገብ ዜጋታት ወጻእተኛታት ክምዝግበኩም እዩ። ናይ መንነት ሰነድ ክትቅበሉ ኢኹም: ኤሌክትሮኒካዊ ኤ-ካርድ። እዚ ድማ ኣብ መዝገብ ዜጋታት ወጻእተኛታት ንግዚያዊ መንበሪ ከም ዝተመዝገብኩም መርትዖ እዩ።

እቲ ኤሌክትሮኒካዊ ኤ-ካርድ ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ብምምሕዳር ከተማኹም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ን2 ዓመት ክልተ ግዜ ክሕደስ ይኽእል፡ ብዘይ ኣቐዲሙ ካብ DVZ ዝተዋህበ መምርሒ ክሕደስ ይኽእል። ናይቲ ኤ-ካርድ ንምሕዳስ ድማ ቅድሚ እቲ ካርድ ዝወድቀሉ ግዜ ምዝዛሙ 30 ክሳብ 45 መዓልታት ኣቐዲምኩም ናብ ምምሕዳር ናይቲ ትነብሩሉ ከተማ ከተመልክቱ ኣለኩም።

ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት፡ ካብታ ዕቕባ ሓቲትኩም ኣኒክስ 25 ወይ 26 ዝተዋህበኩም ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ፡ እቲ ግዚያዊ ናይ ዕቕባ መሰል ዝተዋህቦ ሰብ ብመትከል ደረት ኣልቦ ንውሓት ግዜ መንበሪ ወረቐት ይወሃበኩም። ነዚ ንምትግባር ድማ ናይ ቢ-ካርድ (ገደብ ዘይብሉ መንበሪ) ንምርካብ ናብ ምምሕዳር ናይቲ ቀንዲ መንበሪ ቦታኹም ከተቐርቡ ኣለኩም ። ምውጻእ ናይቲ ቢ-ካርድ ኩሉ ግዜ ፍቓድ ናይ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ኣገልግሎት ኢሚግረሽን ይሓትት። ናይ መንነት ሰነድኩም ምስ ዝጠፍእ ወይ ምስ ዝስረቐ፡ ናብ ፖሊስ ክትሕብሩን ጥርዓን ከተቐርቡ ኣለኩም።

1.2. ሕጊ ቤልጅየም ምኽባር

ሕጊ ቤልጅየም ኣብ መብዛሕትኡ መዳያት ህይወትኩም ኣብ ቤልጅየም ይቐይደኩምዩ። ይኹን እምበር፡ ገለ ካብ መበቆል ሃገርኩም ዝመጹ ሕግታት (ሕግታት ናይታ ዜጋ ዝኾንኩምላ ሃገር) ብፍላይ ንውልቃዊ ኩነታትኩም ብዝምልከት (ንኣብነት፡ ዕድመ ፡ ኣብ ቤልጅየም ዝተፈጸመ ሓዳር ናይ ቅኑዕነት ረቐሒታት) ተግባራዊ ኮይኖም ይቐጽሉ ።

ንግዚያዊ ናይ ዐቕባ መሰል ብወለንታኻ ምሕሳም

ኣብ ዝኾነ እዋን ንግዚያዊ ናይ ዐቕባ መሰልኩም ክትሕሰምዎ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ማለት ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን መሰል መንበሪኹም ከቋርጾ ይኽእል እዩ።

መስርሕ፥

- ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሳርያት ጉዳይ ስደተኛታትን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን ክፍሊ ሓገዝ ብኣካል መጺኹም ትምዝገቡ፥
  ቤት ጽሕፈት ኮሚሳርያት ክፍሊ ሓገዝ ብቆጻራ ጥራይ እዩ ዝሰርሕ።
  በዚ ዝስዕብ መገዲ ቆጻራ ክትሕዙ ትኽእሉ ኢኹም።
- ብኢመይል፡ cgrefugees@ibz.fgov.be
- ብፖስታ (CGVS Helpdesk ክፍሊ ኣፍልጦ ዝተዋህቡ ስደተኛታት:
  Ernest Blerotstraat 39
  1070 Brussel
- ብቴሌፎን እውን ብቁጽሪ 02 205 53 07 ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት ናይ ንጉሆ ካብ ሰዓት 9፥00 ክሳብ 12፥00 ክምኡውን ናይ ድሕሪ ቐትሪ ካብ ሰዓት 13፥00 ክሳብ ሰዓት 16፥09 ምድዋል ይከኣል።

መንነት ወረቐትካ ሒዝካ ትቐርብ።

ወረቐትኩም ብወለንታኹም ከም ዝተሓሰምኩም ትፍርሙ። 'ናይ ምሕሳም ወረቐት ምስክር ድማ ይወሃበኩም ።

ብድሕሪኡ ነዚ ምስክር ወረቐት ሒዝኩም ናብቲ ትነብሩሉ ምምሕዳር ከተማ ትኽዱ።

ሳዕቤናት፡- ብመሰረት ሕጉ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት DVZ፡ እቲ ምምሕዳር ናይቲ ትነብሩሉ ከተማ መንበሪ ካርድኹም ክስርዞ ወይ ምሕዳስ ክኣቢ ይኽእል።

ሃገራዊ ፓስፖርትኹም ሒዝኩም ናብ መበቆል ሃገርኩም ጠቕሊልኩም ክትምለሱ ድማ ትኽእሉ ኢኹም።

1.4. ምምንጣል ወይ ምስሓብ ናይ ግዚያዊ መሰል ዕቕባ

እንተድኣ ሓደስቲ ባእታታት ወይ ሓቅታት ንሕጋውነት ናይቲ ግዝያዊ ናይ ዕቕባ መሰል ዳግማይ ክረአ ዘድልዮም ምስ ዝርከቡ፡ ቤት ጽሕፈት ኮሚሳርያት ስደተኛታትን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን ነቲ ኩነታት ከልዕሎ ወይ ክስርዞ ይኽእል ድዩ ኣይክእልን ይምርምር።

ዳግመ ግምት ቅኑዕነት ናይ ሓደ ናይ ዕቕባ መሰል ብኮሚሳርያት ጉዳይ ስደተኛታት ዝረአ ብሕቶ ሚኒስተር ወይ ወኪሉ እውን ክኸውን ይኽእል።

ኮሚሳርያት ጉዳይ ስደተኛታት ነቲ ናይ ግዝያዊ ናይ ዕቕባ መሰል ምስ ዝእግዶ፥

ናይ ምስራዝ ውሳነ ነቲ ዝተዋህበ መሰል ናይ ዕቕባ የቋርጾ። እቲ ነዚ ናይ ዕቕባ መሰል ንኽትረኽቡ ዘኽኣለ ምኽንያት ብቑዕ እንተዘኾይኑ ማለት (ንኣብነት ኣብ መበቆል ሃገርካ ርኡይን ነባሪን ለውጢ ናይ ስርዓት ምስ ዘጋጥም) ናይ ዕቕባ ወረቐትካ ይሳሓብ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ኮሚሳርያት ጉዳይ ስደተኛታት ንውልቃዊ ቃለ መሕትት ክዕድመኩም ይኽእል እዩ። ኣብዚ ቃለ መሕትት፡ ናይ ዕቕባ መሰል ወረቐትኩም ንኽይሳሓብ ወይ ንኽይትሕደኑ ኩሉ ምኽንያታት ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ቤት ጽሕፈት ኮሚሳርያት ናይ ዕቕባ መሰልኩም ንምዕቃብ ዝሕግዙ ምኽንያታት ብጽሑፍ ከተቕርቡ እውን ክሓተኩም ይኽእል እዩ።

ምሉእ ስልጣን ዘለዎ ይግባይ ኣብ ቅድሚ ቤት ምኽሪ ክርክር ወጻእተኛታት ኣንጻር ውሳነ ምስራዝ ናይ ዕቕባ መሰል ክትካራኽሩ ይከኣል እዩ። ናይ ግዝያዊ መሰል ዕቕባ ንምስራዝ ውሳነ ኣብ ዝወሃበሉ እዋን፡ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ካብቲ ሃገር ጠቕሊልኩም ንኽትወጽኡ ትእዛዝ ከቕርብን በዚ ድማ መሰል መንበሪ ከቋርጽን ይኽእል።

ኮሚሳርያት ጉዳይ ስደተኛታት ነቲ ናይ ግዝያዊ ናይ ዕቕባ ወረቐትኩም ምስ ዝስሕቡ፥

ኮሚሳርያት ጉዳይ ስደተኛታት እዚ መሰል ናይ ዕቕባ ፈጺሙ ክወሃብ ኣይነበሮን ኢሉ እንተኣሚኑ ነቲ ናይ ዕቕባ መሰል ክስሕብ ውሳነ ይወስድ፤ ንኣብነት

- እቲ መሰል ዕቕባ ዘይምልከተካ ወይ ዘይግበኣካ እንተነይሩ፥
- ንሕብረተሰብ ወይ ንሃገራዊ ድሕነት ሓደጋ እንተፈጢርካ።
- እቲ መሰል ዕቕባ ብጌጋ ወይ ብመጭበርበርቲ መሰረት ዝተዋህበ እንተኾይኑ ንኣብነት ብናይ ሓሶት ታሪኽ ወይ ናይ ሓሶት ሰነዳት

- ድሕሪ ምሃብ ናይ ዕቕባ መሰል እንተድኣ ውልቃዊ ኣካይዳኻ ሓቀኛ ሓደጋ ከቢድ ጉድኣት ኣብ ሃገርካ ከምዘየጋጥመካ ዘመልክት እንተኾይኑ።
- ኣብ ትሕቲ እቲ ፍሉይ ናይ ምግላል ዓንቀጻት ዘይወድቕ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ገበናት እንተፈጺምካን እቶም ገበናት ኣብ ቤልጅየም እንተዝፍጸሙ ብማእሰርቲ ክቕጽዑ ዝኽእሉ እንተነይሮም፡ ካብ መቕጻዕቲ ንምህዳም ጥራይ ድማ ካብ መበቆል ሃገርካ ወጺእካ እንተኾንካ።

ውሳነ ናይ ምስራዝ ወረቐት ኣብ ዝሕሰበሉ እዋን፡ ኪሚሳርያት ጉዳይ ስደተኛታት ንውልቃዊ ቃለ መሕትት ይዕድመካ። ኣብዚ ቃለ መሕትት እዚ፡ ወረቐትካ ክዕቀብ ኣለዎ ዘብል ምኽንያታት ክትጠቅስ ዕድል ክትረክብ ኢኻ።

ብተወሳኺ ኮሚሳርያት ጉዳይ ስደተኛታት ካብ ናይ ዕቕባ መሰል ክትግለል ስለዘለካ ወይ ክትግለል ስለዝግባእ፡ ተባሂሉ ኣብ ዝውሰነሉ እዋን መሰል ወረቐትካ ንምዕቃብ ዝሕግዙ ምኽንያታት ብጽሑፍ ከተቕርብ ክሓተካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ቅድሚ ምሉእ ስልጣን ዘለዎ ቤት ምኽሪ ክርክር ወጻእተኛታት ኣንጻር ውሳነ ናይ ምስሓብ ናይ ዕቕባ ወረቐትኩም ምክርኻር ይከኣል እዩ።

ሚኒስተር ወይ ፍቓድ ዘለዎ ወኪሉ ካብቲ ግዝኣት ወይ ሃገር ክትወጽኡ ትእዛዝ ክህብ ከሎ፡ እንታይነትን ጥንካረን ናይቲ ስድራቤትኩም ኩነታት፡ ኣብ ቤልጂየም ዝጸናሕኩምሉ ንውሓት ግዜ፡ ከምኡውን ህላወ ስድራቤታዊ ርክብ ወይ ባህላዊ ወይ ማሕበራዊ ርክብ ምስታ መበቆል ሃገር ኣብ ግምት ዝኣቱ ይኸውን።

1.5. ቤልጅየማዊ ምኽን

ዜግነት ቤልጅየም ንምርካብ ክልተ ኣገባባት ኣለዉ፡ ንሳቶም ድማ ምእዋጅ ዜግነትን ናቹራላይዜሽንን እዮም። ዜግነት ቤልጅየም እንተረኺብካ እቲ ዝነበረካ ናይ ስደተኛ መሰል ብመሰል ዜግነት ቤልጅየም ይትካእ።

ዜግነት ናይ ቤልጂየም ንምርካብ መጀመሪያ እቲ ናይ ግዚያዊ ናይ ዕቕባ ወረቐት ብቀዋሚ ናይ ዕቕባ መሰል ወረቐት ክትካእ ኣለዎ፥ ነዚ ንምርካብ ድማ ከተመልክት ኣለካ፡ ብድሕሪኡ ናይ ቤልጂየም ዜግነት ክትሓትት ትኽእል።

ኣዋጅ ዜግነት

ብመንገዲ ኣዋጅ ዜግነት ዜጋ ቤልጅየም ንምኽን ዘድልዩ ቅድመ ኩነታት ኣብዚ ብሮሹር ተገሊጾም ኣለዉ። ቅድመ ኩነት ኣብቲ ሕጋዊ ጽሑፍ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ፍትሒ

ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፡ https://justitie.belgium.be/nl/themas en dossiers/personen en gezin g worden/verklaring tot verkrijging

ነቲ ናይ ዜግነት ሕቶኻ ናብ በዓል ስልጣን ናይቲ እትነብረሉ ምምሕዳር ከተማ ሲቪላዊ መዝገብ ተቐርብ። እቲ በዓል ስልጣን ፋይልካ ንምምላእ ከተቕርቦ ዘለካ ሰነዳት ብዝምልከት ኩሉ ዘድሊ መብርሂታት ክህበካ እዩ።

CGVS ኮሚሳርያት ናይ ልደት ምስክር ወረቐት ክህበካ እንተዘይተኻኢሉ ንናይ ክብሪ ምስክር ወረቐት ንምርካብ ምስ ኤምባሲ ናይ መበቆል ሃገርካ ኣብቲ እትነብረሉ ቦታ ተወከስ፡ ንሱ ምስ ዘይከኣል ድማ ብመገዲ ጠበቓ ኣቢልካ ካብቲ ትነብረሉ ቦታ መረጋገጺ ምስክር ክትሓትት ትኽእል።

ናቹራላይዜሽን

ቅድመ ኩነታት

ክማልኡ ዘለዎም፡

1. ብውሑዱ ዕድሚኡ 18 ዓመት ክኸውን ኣለዎ

2. ኣብ ቤልጅየም ብሕጋዊ መንገዲ ዝነብር ክኸውን ኣለዎ፡

3. ኣብ ሳይንሳዊ፣ ስፖርታዊ ወይ ተመሳሳሊ ዓውዲ 'ፍሉይ ብቕዓት' ዘርኢ ምስ ዝኸውን፡

4. ዜግነትካ ብምግላጽ ዜግነት ቤልጅየም ክትረክብ ዳርጋ ዘይከኣል ምኽኑ ምስ እተረጋግጽ።

ምስ ሲቪል መዝገብ ናይቲ እትነብረሉ ምምሕዳር ከተማ ተላዘብ።

CGVS ኮሚሳርያት ናይ ልደት ምስክር ወረቐት ክህበካ እንተዘይተኻኢሉ ንናይ ክብሪ ምስክር ወረቐት ንምርካብ ምስ ኤምባሲ ናይ መበቆል ሃገርካ ኣብቲ እትነብረሉ ቦታ ተወከስ፡ ንሱ ምስ ዘይከኣል ድማ ብመገዲ ጠበቓ ኣቢልካ ካብቲ ትነብረሉ ቦታ መረጋገጺ ምስክር ክትሓትት ትኽእል።

ብዛዕባ 'ናቹራላይዛሽን' ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ፍትሒ FOD Justitie, https://justitie.belgium.be/nl/themas en dossiers/personen en familie/nationa n/naturalisatie ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

2. ሰነዳት ሲቪል መዝገብ

ኮሚሳርያት ጉዳይ ስደተኛታት ንናይ ግዚያዊ ናይ ዕቅባ መሰል ወረቐት ዘለዎም ሰባት ናይ ሲቪላዊ ኩነታት ሰነዳት (ንኣብነት ናይ መርዓ ምስክር ወረቐት) ክህብ ስልጣን የብሉን። ኣብዚ ጉዳይ ምስ ኤምባሲ መበቆል ሃገርኩም ክትውከሱ ኣለኩም።

ንገለ ኣገባባት (መርዓ፡ ናቹራላይዜሽን)፡ 'ናይ ኣፍልጦ ምስክር ወረቐት' ንናይ ልደት ምስክር ወረቐት ክትክኦ ይኽእል። እዚ ናይ ኣፍልጦ ምስክር ወረቐት ብመንገዲ ጠበቓ ኣብቲ ትነብሩሉ ቦታ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

3. ንኣባላት ስድራቤት ዝኾውን መንበሪ

3.1. ደቅኻ

ኣብ ሓደ እዋን ዝመጹ ደቅኹም ምስኦም ሓቢርኩም ዕቅባ እንተሓቲትኩም ጉዳዩም ምሳኹም ብሓንሳብ ይኾነሎም ግዚያዊ ናይ ዕቅባ ወረቐት ምሳኹም ይረኽቡ። እቶም ህጻናት ኣብቲ ንዕቅባ ዝኾውን መመልከቲኹም ምስ ኣመዝገብኩም ካብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ዝተዋህበኩም ተወሳኺ ሓበሬታ ክህልዎ ኣለዎም።

ድሕሪ ምሃብ ግዚያዊ ናይ ዕቅባ መሰል ኣብ ቤልጅየም ዝተወልዱ ደቅኹም ምስክር ወረቐት ልደት ምስ ዘቕርቡ ብምምሕዳር ዘለኹሞ ከተማ ኣብ መዝገብ ወጻእተኛታት ዜጋታት ክምዝገቡ ኣለዎም። ኣብ ቤልጂየም ዝተወለዱ ደቅኹም ከምቲ ናትኩም ግዚያዊ ናይ ዕቅባ መሰል ወረቐት ክረኽቡ ትደልዩ እንተድኣ ኮይንኩም ናይ ውልቀም ዕቅባ ክሓቱ ኣለዎም።

ድሕሪ ምሃብ ናይ ንኡስ ሓለዋ ደረጃ ናብ ቤልጅየም ዝኣተዉ ህጻናት ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን (DVZ) ክሕብሩ ኣለዎም። ምስ ውላድኩም ብሓባር ናብ ህንጻ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክትከዱ ኣለኩም (እዚ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ክግበር ይከኣል እዩ፣ ህዝባዊ

በዓላት ከይሓወስ፣ ኣብ 68 Belliardstraat, 1000 Brussels ሰዓት 08:30) ብስም እቲ ህጻን መመልከቲ ዕቕባ ክትሓቱ ኣለኩም። ኩሉ ንውላድካን ንዓኻን ዝምልከት ሰነዳት ሒዝካ ምምጻእ ኣገዳሲ እዩ።

3.2. ምጥርናፍ ስድራቤት

ኣብ ቤልጅየም ግዝያዊ መሰል ዕቕባ ከም ዝተዋህቦም ሰባት መጠን፡ ዝተወሰኑ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ብመንገዲ ኣገባብ ምጥርናፍ ስድራቤት ኣብ ቤልጅየም ናይ ምንባር መሰል ክረኽቡ ይኽእሉ።

እዞም ናይ ቀረባ ኣዝማድ ኣብ ቤልጅየም ዘይነብሩ እንተኾይኖም፡ ኣብታ ዘለዉዋ ሃገር ኣብ ዝርከብ ዲፕሎማስያዊ ወይ ቆንስላዊ መደበር ቤልጅየም ናይ ምጥርናፍ ስድራቤት ቪዛ ከመልከቱ ይኽእሉ። ድሮ ኣብ ቤልጅየም እንተሃልዮም፡ ኣብቲ ዝነብሩሉ ምምሕዳር ከተማ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ይሓቱ። ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ቤልጂየም ነቲ መመልከቲ ይምርምሮን ይከታተሎን።

ካብ 18 ነሓሰ 2025 ጀሚሩ ኣብ ኣገባብ ምጥርናፍ ስድራቤት ሓደስቲ ሕግታት ይምልከቱ። እዚ ንኻልእ ነገራት ሓዊሱ ኣብቶም ከም ግዝያዊ ናይ ዕቕባ መሰል ዘለዎ ሰብ ናብ ቤልጅየም ከተምጽኦም እትኽእል ሰባት ጽልዋ ኣለዎ።

ይኹን እምበር፡ በቲ ናይ ቀደም ሕጊ ክርኣየልካ ይኽእልዩ፡ እንተድኣ

- ቅድሚ 18 ነሓሰ 2025 ናይ ንኡስ ሓለዋ ደረጃ ተዋሂቡካ
- ቅድሚ 18 ነሓሰ 2027 መመልከቲኹም ኣቕርቡ።

ንተጠቀምቲ ግዝያዊ ናይ ዕቕባ መሰል፡ ከከም ዕለት እቲ ውሳነ፡ ብመንገዲ ምጥርናፍ ስድራቤት ንመን ናብ ቤልጅየም ከተምጽእ ከም እትኽእል ዝምልከት ለውጥታት ኣሎ።

ቅድሚ 18 ነሓሰ 2025 ግዚያዊ ናይ ዕቕባ መሰል ዝውሃብ፡

ልዕሊ ዕድመ ዝበጻሕካ (+18 ዓመት) ምስ እትኸውን፡

- መጻምድትኻ (ኣብ ቤልጅየም ከም ስደተኛ ኣፍልጦ ንምርካብ መመልከቲኻ ቅድሚ ምቕራብካ ተመርዕኻ ክትከውን ኣለካ።)
- ትሕቲ ዕድመ ደቅኹም ምስ ዝህልዉኹም (ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት)

- ስንክልና ዘለዎም ልዕሊ ዕድመ ደቅኻ ምስ ዝህልዉኻ

መሰነይታ ወይ ኣላይ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ እንተኾንካ ክትጥርንፎም ትኽእል

- ወለድኻ
- ትሕቲ ዕድመ ኣሕዋትካን ኣሓትካን፡ ዓበይቲ ስንኩላን ኣሕዋትን ኣሓትን ምስ ወለድኻ እንተመጺኦም

ካብ 18 ነሓሰ 2025 ጅሚሩ ግዚያዊ ናይ ዑቕባ መሰል ዝምልከቶ

- ሕጋዊ ዕድመ ምስ በጻሕካ (+18 ዓመት)
- መጻምድትኻ (ኣብ ቤልጅየም ከም ስደተኛ ሰብ ኣፍልጦ ንምርካብ መመልከቲኻ ቅድሚ ምቕራብካ ተመርዕኻ ክትከውን ኣለካ።) ብመሰረት እቲ ሓድሽ ሕጊ፡ ክትምርዓዉ ከለኹም ክልቴኹም 21 ዓመት ዝኣኽልኩም ክትኮኑ ኣለኩም።
- ትሕቲ ዕድመ ደቅኹም (= ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት)
- ስንክልና ዘለዎም ልዕሊ ዕድመ ደቅኻ

እቲ ናይ ስድራቤት ምጥርናፍ መሰል ዑቕባ ምስተዋህበ ድሕሪ 2 ዓመት ጥራይ እዩ ክቕርብ ዝኽእል። ትሕቲ ዕድመ ደቅኹም ጥራይ ግን ናብ ቤልጅየም ከተምጽኡ ትኽእሉ ኡኹም ዋላ ቅድሚ ክልተ ዓመት ምእኻሉ።

መሰነይታ ወይ ኣላዩ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ፥

- ድሕሪ ደጊም ናይ ስድራቤት ምጥርናፍ መሰል የብሉን

ሕጋዊ መጻምድትኻ፡ ምዝጉብ መጻምድትኻ፡ ወይ ደቅኻ፡ ወይ ደቂ መጻምድትኻ፡ ንጥዕና ህዝቢ፡ ህዝባዊ ስርዓት፡ ወይ ሃገራዊ ድሕነት ሓደጋ ክኾኑ የብሎምን፡ ምሳኻ ድማ ኣብ ቤልጅየም ክነብሩ ክመጹ ኣለዎም።

ብተወሳኺ፡ ንኣባይቲ፡ መድሕን ጥዕናን እኹልን ርጉእን ስሩዕን መነባብሮ ዝምልከት መነባብሮታት ሓዊስካ፡ ከተማልኦም ዘለካ ዝተፈላለዩ ቅድመ ኩነታት ኣለዉ። እዞም

ኩነታት እዚኣቶም ከከምቲ ንኣየኖት ኣባላት ስድራቤትን ኣብ ምንታይ ሰዓት ምትእኽኻብ ስድራቤት ከም ዝሕተትን ይፈላለዩ።

መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ንምጅማር ምስ ጠበቓ ምውካስ ዝበለጸ እዩ። ገለ ትካላት (ከም ምምላስ ምትእስሳር ስድራቤት ቀይሕ መስቀል/ክሮይስ-ሩጅ ወይ ማእከል ምኽሪ ስደት ናይ CAW) እውን ብዛዕባ ኣገባብ ምጥርናፍ ስድራቤት ዝያዳ ሓበሬታ ክህቡኻ ይኽእሉ። ብዛዕባ እዚ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ምምሕዳር ከተማኹም እውን ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

እቶም ብመገዲ ምጥርናፍ ስድራቤት ኣብ ቤልጅየም ክነብሩ ፍቓድ ዘለዎም ኣባላት ስድራቤትኩም ንሓሙሽተ ዓመት ውሱን መሰል መንበሪ ይወሃቦም። ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት፡ እቶም ኣባላት ስድራቤት ገና ቅድመ-ኩነት ዳግመ-ውህደት ስድራቤት እንተማልኡ፡ እቲ ናይ ምንባር ፍቓድ ደረት የብሉን።

ምስልሳል ዳግመ ምርኻብ ስድራቤት

ኣገልግሎት ቀይሕ መስቀል ‘ምምላስ ምትእስሳር ስድራቤት’ ምስኡም ርክብ ዝሰኣንካዮም ኣባላት ስድራቤት ንምርካብ ክሕግዘካ ይኽእል። እዚ ኣገልግሎት ብነጻ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ቤልጅየም መሰል ዕቕባ ዘለዎም ሰባት ንኣገባብ ምጥርናፍ ስድራቤት ዝምልከት ሕቶታት ምስ ሪስቶሪንግ ፋሚሊ ሊንክስ እውን ክረኽቡዎ ይኽእሉ እዮም።

ቀይሕ መስቀል ፍላንደርስ ምትእስሳር ስድራቤት ምምላስ፡ ኣድራሻ

Rode Kruis-Vlaanderen Restoring Family Link

Motstraat 40

2800 Mechelen

015 44 35 22

ኢመይል፡ rfl@rodekruis.be

https://www.rodekruis.be/wat-doen-we/hulp-wereldwijd/opsporen-van-vermiste-personen/

ቀይሕ መስቀል ቤልጅየም - ኣገልግሎት ምጥርናፍ ስድራቤት: ኣድራሻ፡

Croix-Rouge de Belgique – Service Retablissement des Liens Familiaux

Boulevard Ernest Mélot 42

5000 Namur

081 77 16 48

ኢ-መይል፡ service.rlf@croix-rouge.be

https://liens-familiaux.croix-rouge.be/

ማእከል ምኽሪ ስደተኛታት (ACM) ማእከል ሓፈሻዊ ስራሕ ድሕነት (ACW)፡ ኣድራሻ፡

Adviescentrum Migratie (ACM) van het centrum Algemeen Welzijnswerk (ACW)

Sint-Jacobsmarkt 39

2000 Antwerpen

03 235 34 05

ኢ-መይል፡ adviescentrum.migratie@cawantwerpen.be

https://www.caw.be/locaties/adviescentrum-migratie-acm/

4. መገሻ ናብ ወጻኢ ሃገራት

ናብ ወጻኢ ሃገር ናይ ምጉዓዝ መሰል ኣሎካ፡ ናብ መበቆል ሃገርካ እንተተመሊስካ ግን፡ ናይ ስደተኛ ወረቐትካ ክትስእን ሓደጋ ኣለካ።

ኣብተን ቀዳሞት 5 ዓመታት ጻንሑትካ ንነፍሲ ወከፍ ናብ መበቆል ሃገርካ ዝግበር ጉዕዞ ናብቲ እትነብረሉ ምምሕዳር ከተማ ክትሕብር ኣለካ። እዚ ሓበሬታ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ይመሓላለፍ።

ናብ ወጻኢ ሃገር ክትገይሽ ከለኻ ኩሉ ግዜ ሕጋዊ ኤሌክትሮኒካዊ መንበሪ ፍቓድን ፓስፖርትን ክህልወካ ኣለዎ። ኩሉ ግዜ ምስ ኤምባሲታትን ቆንስላትን ናይተን ክትገይሸለን እትደሊ ሃገራት ብዛዕባ ዘድሊ ቪዛ (ዋላ ንሓንቲ ኣባል ሃገር ኤውሮጳ) ተዘራረብ።

ፓስፖርት እንተዘይብልካ ወይ ክትረክብ እንተዘይክኢልካ፡ ኣብቲ ኣብ መዝገብ ህዝቢ ዝተመዝገብካሉ ምምሕዳር ከተማ ንወጻእተኛታት ዝኸውን ፍሉይ ናይ መገሻ ሰነድ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ፍሉይ ናይ መገሻ ሰነድ ዝወሃብ መንነትካን ዜግነትካን ተረጋጊጹ ሃገራዊ ፓስፖርት ወይ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ክትረክብ ከም ዘይትኽእል ምስከር ወረቐት እንተ ኣቕሪብካ። ነዚ ናይ ዘይምኽኣል ምስከር ወረቐት ካብ CGVS ኮሚሳርያት ጉዳይ ስደተኛታት ብኢመይል (CGRA-CGVS.Sub-Protection@ibz.be) ወይ ብደብዳቤ (CGRA, Ernest Blerotstraat 39, 1070 Brussels) ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ምስከር ወረቐት ካብ ሓደ ወርሒ ዘይበዝሕ ክኸውን ይኽእል። CGVS ነዚ ምስከር ወረቐት ዝህብ እንተድኣ ሰበስልጣን ሃገርካ ንዓኻ መሰል ዘይህቡኻ እንተኾይኖም ጥራይ እዩ።

መበቆል ሃገር ንዝተመስረተ ሓደጋ ከቢድ ጉድኣት ብቐጥታ ተሓታቲት ትከውን። ስለዚ CGVS ነዚ ምስከር ወረቐት ኣይህብን እንተድኣ ኣብ መበቆል ሃገርካ ዘሎ ሓፈሻዊ ኩነታት ጸጥታ ንዓኻ ውሑስ ኮይኑ ማለት ዕቕባ ንኽወሃበካ ኣብ ዝገበረሉ እዋን እዩ። እዚ ዝኸውን ነዚ ናይ መሰል ዕቕባ ዝህብ ውሳነ ንዓንቀጽ 48/4, § 2, c ናይ ወጻእተኛታት ሕጊ ዝምልከት እንተኾይኑ እዩ።

ጉዳይ ወጻኢ FPS ሃገራዊ ፓስፖርት ወይ ሰነዳት ጉዕዞ ክትረክብ ከምዘይትኽእል ካብ ዝግምቶም ምድባት ወጻእተኛታት ዜጋታት እንተኾይንካ ናይ ዘይምኽኣል ምስከር ወረቐት ኣየድልየካን እዩ። ቲቤታውያንን መበቆል ፍልስጤም ዝኾኑ ሰባትን ከምዚ ዓይነት ምስከር ወረቐት ምቕራብ ኣየድልዮምን፤ ነቲ መሕተቲ ጽሑፍ ርኣ፡ https://diplomatie.belgium.be/nl/voor-belgen-het-buitenland/het-belgisch-paspoort/reisdocument-voor-vluchtelingen-staatlozen

ኣብ ወጻኢ ሃገር ንነዊሕ እዋን ምጽናሕን ናብ ቤልጅየም ምምላስን

ካብ ቤልጅየም ካብ 3 ወርሒ ንዘይነውሕ ግዜ እንተወጺእካ ፍሉይ ግዴታ የብልካን። ኣብ እትብገሰሉ እዋን ሕጋዊ ፍቓድ መንበሪ ፍቓድ እንተሃልዩካ፡ መሰል መንበሪኻ ኣይትስእንን ኢኻ።

ዋላ'ውን ኣብ ዘይትህልወሉ እዋን ቅኑዕነት መንበሪ ፍቓድካ እንተወደቐ፡ መሰል መንበሪኻ ኣይትስእንን ኢኻ። ጸገም ከይፍጠር ኣብቲ ምምሕዳር ከተማ እትነብረሉ ብኣግኡ ንኽትሕደስ ኣመልክት።

ንነዊሕ እዋን ኣብ ወጻኢ ሃገር ክትጸንሕ እንተሓሲብካ፡ ድሕሪ ምብጋስካ ንሓደ ዓመት ናብ ቤልጅየም ናይ ምምላስ መሰልካ ይዕቅብ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ብርክት ዝበሉ ምምሕዳራዊ ግዴታታት ክትሕሉ ኣለካ፤

- ቅድሚ ምብጋስካ ካብ ቤልጅየም ወጺእካ ክትምለስ ከም ዘለካ ምምሕዳር ከተማኻ ትሕብር። ኣድላዩ እንተኾይኑ፡ ናይ መንበሪ ፍቓድካ ንኽናዋሕ ትሓትት፡ ምእንቲ ንስኻ ኣብ ምምላስ ሕጋዊ ናይ ወጻእተኛ ካርድ ክህልወካ
- ናብ ቤልጅየም ምስ ተመለስኩም፡ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ናብቲ ኮሙን ጸብጻብ ኣቕርቡ፡ ምስ ናትኩም ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ።

ነዚ ግዴታታት እዚ እንተተማሊእካ፡ እቲ ምምሕዳር ከተማ ኣብ መዝገብ ህዝቢ ዳግማይ ክምዝግበካ እዩ።

5. ስራሕ

ናይ ስራሕ ውዕል ዘለዎ ሰራሕተኛ እንተድኣ ኮይንካ፡

ከም ሰራሕተኛ (ኣብ ዝኽፈል ስራሕ) ክትሰርሕ ፍቓድ ወይ ናይ ስራሕ ካርድ ኣየድልየካን እዩ።

ናይ ውልቁ ትካል ወይ ስራሕ ዘለዎ፡

ንነብስኻ ከም ብውልቅኻ እትሰርሕ ሰብ (ነጋዳይ፡ ዳይረክተር ናይ ሓደ ትካል) ክትምስርት እንተደሊኻ፡ ኣብቲ ውሱን መንበሪ ወረቐት ክሳብ ዘለኻ ‘ሞያዊ ካርድ’ የድልየካ (ኤሌክትሮኒካዊ ኤ-ካርድ)። ደረት ኣልቦ ናይ መንበሪ መሰል (ኤሌክትሮኒካዊ ቢ-ካርድ) ምስ ረኽብካ፡ ካብ ሞያዊ ካርድ ነጻ ትኸውን።

ኣገልግሎት ቁጠባዊ ፍቓድ ናይ ሚኒስትሪ ቁጠባ ነዚ "ሞያዊ ካርድ" ይህብ ። እቲ መመልከቲ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ናይቲ እትነብረሉ ቦታ እዩ ዝቐርብ።

ብዛዕባ ኩነታት ስራሕካ ብዝምልከት መሰላትካን ግዴታታትካን (ንኣብነት መድሕን ጥዕና፡ ሓገዝ ህጻናት) ምስ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ህዝባዊ ማእከል ማሕበራዊ ድሕነት (OCMW) ናይ ምምሕዳር ከተማኻ፡ ወይ ማሕበር ሰራሕተኛታት ሕተት።

ከምኡውን ድሕሪ ሕጂ ስራሕ እንተዘይብልካ ‘መተካእታ ኣታዊ’ (ንኣብነት ናይ ስራሕ ኣልቦነት ሓገዝ) ናይ ምርካብ ተኽእሎታት ምስዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ኣገልግሎታት ሕተት።

ስራሕ ምድላይ

ኣብ ናይ ስራሕ ትካል ተመዝገብ። ናይ ስራሕ ትካል ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፥

- ምስ ክእለትካ ዝሰማማዕ ስራሕ ምርካብ
- ሞያዊ ስልጠና ኮርስ ወይ ልምምድ ምድላይ።
- ንስራሕ ምርካብ ዝሕግዝ ትምህርቲ ቋንቋ ኔዘርላድስ ወይ ፈረንሳ ምውሳድ
- ሲቪኻ ምንዳፍ፡ ናይ ሽፋን ደብዳቤኻ፡ ወይ ንቃለ መሕትት ስራሕ ምድላው።
- ምስ ተመኩሮኻ ወይ ድሌታትካ ዝሰማማዕ ክፍቲ ስራሕ ምድላይ።

ነፍሲ ወከፍ ዞባ ዝተፈላለየ ናይ ስራሕ ትካል ኣለዎ።

VDAB ኣብ ፍላንደርስ ዝርከብ

ቴሌፎን፡ 0800.30 700

https://www.vdab.be/contact

ACTIRIS ኣብ ብራስለስ ዝርከብ

ቴሌፎን፡ 0800 35 123

https://www.actiris.brussels/nl/burgers/contact/

FOREM ኣብ ዋሎንያ

ቴሌፎን፡ 0800 93 947

https://www.leforem.be/contact/index.html

ARBEITSAMT ማሕበረሰብ ተዛረብቲ ጀርመን

ቴሌፎን፡ 080 27 02 00

https://adg.be/desktopdefault.aspx/tabid-5407/

6. ትምህርቲ

6.1. ቤት ትምህርቲ ንህጻናት

ኩሉ ህጻን ኣብ ቤልጅየም፡ ዜግነቱ ወይ መንበሪኡ ብዘየገድስ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክመሃር ይኽእል። ኣብ ቤልጅየም ኩሎም ካብ 5 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ይግደዱ። ካብ 3 ክሳብ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ቤልጅየማውያን ዘይኮኑ ህጻናት ካብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ኣብ ቤልጅየም ኣብ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ይኽእሉ። ካብ 5 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብቲ ምንሕዳር ከተማ ምስ ተመዝገቡ ኣብ ውሽጢ 2 ወርሒ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክምዝገቡ ኣለዎም።

ቋንቋ ናይቲ ቤት ትምህርቲ፡ ኔዘርላድስ ወይ ፍራንስ ወይ ቋንቋ ጀርመን

ህጻናት ብዛዕባ ቋንቋ ኔዘርላድስ ወይ ፍራንስ ኣፍልጦ ምስ ዘይህልዎም ወይ እኹል ኣፍልጦ ኣብ ዘይብሎም እዋን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተመጣጠነ ትምህርቲ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም፡ ማለት ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ወይ ናይ 'OKAN' ክፍልታት (ናይ ቋንቋ ክፍሊ ንሓደስቲ ተማሃሮ)። እኹል ፍልጠት ናይቲ ቋንቋ ምስ ረኽቡ፡ ናብ ስሩዕ ክፍሊ ይሰጋገሩ። ኣብ ፍላንደርስ ትነብሩ እንተኾይንኩም ደቅኹም ብቋንቋ ኔዘርላንድስ ትምህርቲ ኣብ ዝወሃበሉ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ እዮም። ኣብ ዋሎንያ ትነብሩ እንተኾይንኩም ደቅኹም ብቋንቋ ፈረንሳ ትምህርቲ ክወስዱ እዮም። ኣብ ብራስለስ ትነብሩ እንተኾይንኩም ደቅኹም ብቋንቋ ኔዘርላንድስ ወይ ፈረንሳ ክመሃሩ ይኽእሉ። ኣብ ሓንቲ

ካብ ምብራቓዊ ካንቶናት (ማልመዲ፡ ዩፐንን ሳንክት-ቪትን) ትነብር እንተኾንካ፡ ደቅኻ ብቋንቋ ጀርመን ትምህርቲ ክወስዱ እዮም።

ወጻኢታት ቤት ትምህርቲ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምጻእ ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ዕድመ 18 ዓመት ብነጻ እዩ። እንተኾነ ግን ገለ ተወሳኺ ወጻኢታት ክትከፍል ኣለካ፡ መግቢ፡ ናይ ቤት ትምህርቲ መገሻታት ወዘተ። እቲ ወጻኢታት ክትከፍል እንተተጸጊምካ፡ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣበል ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ቤልጅየም ኣብያተ ትምህርቲ ብደረጃ ዕድመ ይውደባ፤

ቅድመ ትምህርቲ ትምህርቲ (ካብ 2.5 ክሳብ 5 ዓመት)

ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ናብ መዋእለ ህጻናት ክመሃሩ ኣይግደዱን። ይኹን እምበር፡ መብዛሕትኦም ቁልዑ ናብ መዋእለ ህጻናት ዚመሃሩሉ ምኽንያት፡ ኣብኡ ነቲ ቋንቋ ጽቡቕ ጌሮም ኪዛረቡ ስለ ዚመሃሩ እዩ። ስነ ጥበብን ኢደ ጥበብን፡ ስእሊ፡ ከምኡውን ብኽመይ ብሓባር ከም ዚጻወቱ እውን ይመሃሩ። ቤት ትምህርቲ ውላድካ ነቲ ቋንቋ ክመሃረሉ ዝበለጸ ቦታ እዩ። ውላድካ 5 ዓመት ኣብ ዝመልኣሉ ዓመት ፣ መስከረም ናብ መዋእለ ህጻናት ክመሃሩ ይግደዱ። ውላድካ ኣብ ሓደ ቋንቋ ኔዘርላንድስ ዝዛረብ ቤት ትምህርቲ እንተተማሂሩን ኣብ 6 ዓመት ዕድሚኡ ቋንቋ ኔዘርካንድስ ጽቡቕ ጌሩ እንተዘይተዛሪቡን፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ንውላድካ ኣብ ክንዲ ናብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ንተወሳኺ ዓመት ናብ መዋእለ ህጻናት ክሰዶ ክውሰን ይኽእል።

መባእታ ትምህርቲ (ካብ 6 ክሳብ ፲፪ ዓመት)

ውላድካ መባእታ ትምህርቲ ክጅምር ከሎ ወይ ንመጀመርታ ግዜ ካብ ትምህርቲ ክወጽእ ወይ ክቕይር ከሎ ከተመዝግቦ ኣለካ። ውላድካ ኣየናይ ቤት ትምህርቲ ከም ዝመሃር ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብ መባእታ ትምህርቲ 6 ክፍልታት ኣለዉ። ውላድካ ናብ ዝቕጽል ክፍሊ ንምስግጋር ዓመት ዓመት ዕላማታት ትምህርቲ ክበጽሕ ኣለዎ።

ኣብ መባእታ ትምህርቲ ዝወሃብ ዓይነት ትምህርቲ፤

- ቁጽሪ
- ምንባብን ምጽሓፍን።
- ማሕበራዊ ዝንባለ (ጂኦግራፊ፣ ስነ ህይወት፣ ትራፊክ ሳይንስ...)
- ኣካላዊ ትምህርቲ፡ ምሕንባስ ሓዊሱ

ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (ካብ 12 ክሳብ 18 ዓመት)

ድሕሪ መባእታ ትምህርቲ ውላድካ ናብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ይኸይድ። እዚ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ስለዝኾነ ንውላድካ ዳግማይ ክትምዝግቦ ኣለካ። ውላድካ ኣየናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከም ዝመሃር ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ እውን 6 ዓመት ዝሓዘ እዩ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ መንእሰያት ትምህርቶም ክቕጽሉ (ላዕለዋይ ትምህርቲ) ወይ ሞያ ክመሃሩ ድልዋት እዮም።

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣለዉ፤

- ሓፈሻዊ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (aso): ንመንእሰያት ንላዕለዋይ ትምህርቲ የዳሉ።
- ስነ-ጥበብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (kso): ንመንእሰያት ኣብ ዓለም ስነ-ጥበብ (ሳዕስዒት፡ ትያትር፡ ቀባኢ፡ ሙዚቀኛ...) ንሞያ የዳሉ።
- ቴክኒካዊ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (tso)፡- ንመንእሰያት ኣብ ቴክኒካዊ ወይ ቁጠባዊ ዓውድታት ንዝለዓለ ትምህርቲ ወይ ንሞያ ቴክኒክ፡ ከም ኤሌክትሪሻን፡ ሰራሕ ዕንጨይቲ፡ ወይ ኣሰላፊ መግቢ የዳሉ።
- ሞያዊ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (bso): ንመንእሰያት ንስራሕ ዝዓለመ ሞያ ይምህር።

ፍሉይ ትምህርቲ

ገለ ቆልዑ ኣብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ኣይክእሉን እዮም፤ ንኣብነት

- ንኽመሃሩ ይሽገሩ።
- ናይ ባህሪ ይሽገሩ።
- ስንክልና ኣለዎም (ናይ ምርኣይ፣ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ናይ ምስማዕ)

እዞም ህጻናት እዚኦም ንጠለባቶም ብዝበለጸ ዝሰማማዕ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ይኽእሉ። ንሓደ ቆልዓ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍሉይ ትምህርቲ ንምምዝጋብ፡ ፍቓድ ካብ፤

ኣብ ፍላንደርስ፥ ማእከል መምርሒ ተመሃሮ (CLB)

ኣብ ዋሎንያ፥ ስነ-ኣእምሮኣዊ-ሕክምናዊ-ማሕበራዊ ማእከላት (PMS)

6.2. ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ

ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዲፕሎማ ምስ ረኸብካ ኣብ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርትኻ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ። ላዕለዋይ ትምህርቲ ንስራሕ ዝሕግዝ ዲፕሎማ ይሸልም: መምህር: ነርስ: ኣካውንታንት...

ንላዕለዋይ ትምህርቲ ዝኽውን መእተዊ ረቓሒታት

- ኣብ ቤልጅየም ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዲፕሎማ ረኺብካ: ብቐጥታ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ክትምዝገብ ትኽእል ኢኻ።
- ካብ ካልእ ሃገር ናይ ካልኣይ ደረጃ ወይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዲፕሎማ ኣለካ:

    - ቅድሚ ምምዝጋብካ ነቲ ቤት ትምህርቲ ምቐባል ሕተቶ።
    - ብዛዕባ ቋንቋ ናይቲ መደብ (ኔዘርላንድስ፡ ቋንቋ ፈረንሳ ወይ እንግሊዝኛ) እኹል ኣፍልጦ ከም ዘለካ መርትዖ ኣለካ።

ንሕክምና ወይ ሕክምና ስኒ፡ ወይ ንገለ መደባት ምህንድስና፡ መጀመርታ መእተዊ ፈተና ክትሓልፍ ኣለካ።

መሰናድኦ ዓመት ንተዛረብቲ ካልእ ቋንቋታት ተማሃሮ

ገለ ኮለጃት ወይ ዩኒቨርሲቲታት ንመበቆላዊ ቋንቋ ዘይዛረቡ ተማሃሮ ናይ መሰናድኦ ዓመት ይህባ።

እቲ ናይ ምድላው ዓመት ትምህርቲ ነዞም ዝሲቡ ዓይነት ትምህርቲ የጠቓልል፤

- ቋንቋ ኔዘርላንድስ/ፈረንሳ
- ኣገባባት መጽናዕቲ
- ንመጽናዕታዊ ምርጫኻ ዝኸውን መምርሒ
- እንግሊዝኛ፡ ሒሳብን ምርምርን። ገለ ካልእ ክትመርጽ እትኽእል ትምህርትታት።

ወጻኢታት

- ከም ተጠቃሚ ናይ ግዚያዊ ዕቕባ መጠን፡ ንገለ ክፋል ትምህርትኻ ንምኽፋል ናይ መጽናዕቲ ሓገዝ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ካብ ካልኦት ተማሃሮ ዝወሓደ ክፍሊት ትምህርቲ እውን ክትከፍል ትኽእል።
- ግዚያዊ መሰል ናይ ዕቕባ እንተተዋሂቡካን ትሕቲ 25 ዓመት እንተኾንካን፡ ንድጎማ መንእሰያት ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። እዚ ንኩሎም መንእሰያት ኣብ ግዜ ትምህርቶም ዝወሃብ ውሑድ ገንዘብ እዩ።

ላዕለዋይ ትምህርቲ 4 ዓይነት መደባት መጽናዕቲ ኣለዎ።

- መደባት ትምህርቲ HBO5፡ ሓጺርን ኣብ ልምምድ ዝተመርኮሰን መደብ
- ሞያዊ ባችለር፡ ካብ 2 ክሳብ 3 ዓመት ዝጸንሕ ኣብ ልምምድ ዝተመርኮሰ መደብ
- ኣካዳሚያዊ ባችለርን ማስተርስን፡ ድሕሪ ማስተርስ ፕሮግራም ጥራይ ስራሕ ንምርካብ ዝሕግዙ ፕሮግራማት። እቶም መደባት ውሑድ ኣብ ልምምድ ዝተመርኮሱን ዝያዳ ኣብ ፍልጠት ዝተመርኮሱን እዮም።
- ዶክትሬት፡ ድሕሪ ማስተርስ ዲግሪ ዝካየድ ፍሉይ ፕሮግራም። ሳይንሳዊ ምርምር እቲ ቀንዲ ንጥፈት እዩ።

6.3. ናይ ኣፍልጦ ምሃብ ንዲፕሎማ

ዲፕሎማይ ኣብ ፍላንደርስ ኣፍልጦ ብኽመይ ይረክብ

ናይ ወጻኢ ዲፕሎማ ኣለካ ድዩ? NARIC ፍላንደርስ ኣብ ፍላንደርስ ክሰርሑ ወይ ክመሃሩ ንዝደልዩ ናይ ወጻኢ ዲግሪ ወይ ዲፕሎማ ኣፍልጦ ይህብ።

ኣብ ፍላንደርስ ወይ ብራስለስ ትምህርትኹም ንምቕጻል ብቐጥታ ምስ ሓደ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮለጅ ተወከሱ።

ዲፕሎማኻ ብኽመይ ኣፍልጦ ይወሃቦ?

ካብ ክልተ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ፤

1. ደረጃ ኣፍልጦ፡- NARIC ኣብ ደረጃ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማኻ ውሳነ ይህብ።

- ናይ ወጻኢ ዲፕሎማኻ ምስ ኣየናይ ደረጃ ትምህርቲ ፍላንደርስ ከም ዝመጣጠን ንምፍላጥ (ንኣብነት ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ፡ ላዕለዋይ ሞያዊ ትምህርቲ፡ ባችለር ወይ ማስተርስ)።
- ንፍሉይ ስራሕ ንምምልካት።
- ኣብ ፍላንደርስ ተዛማዲ መደብ ላዕለዋይ ትምህርቲ የለን።
- ድሕሪ ሕጂ ንመደብ ዲግሪኻ ዝኽውን ናይ መጽናዕቲ ፕሮግራም እንተዘይብልካ።

2. ፍሉይ ኣፍልጦ፡ NARIC ብዛዕባ እቲ ፍሉይ ፍላሚሽ ዲፕሎማ ምስቲ ናትካ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማኻ ዝሳነ ውሳነ እዩ።

- ኣብ ቤልጅየም ሕጋዊ ቁጽጽር ዘለዎ ሞያ ክትሰርሕ ምስ እትደሊ፡ ንኣብነት፡ ዶክተር፡ ነርስ፡ ኣርኪቴክተር፡ ኣካውንታንት...)። ንዝተመሓደረ ሞያ ንምርካብ፡ ካብ ካልእ በዓል መዚ ሞያዊ ኣፍልጦ እውን ክተመልክት ኣለካ።
- ዝተሓለወ መዓርግ ክትጥቀም እንተደሊኻ ንኣብነት ኢንዱስትርያዊ መሃንድስ፣ ቢዝነስ ኢንጂነር፣ሲቪል መሃንድስ፣ ሓኪም፣ ሓኪም ስኒ፣ ፋርማሲስት፣ ኣርኪቴክተር፣ መሕረሲት፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ።
- ንሓደ ፍሉይ ስራሕ ንምፍጻም ብፍሉይ ናይ ትምህርቲ ምስክር ወረቐት ኣፍልጦ ምሃብ ኣድላዩ ምስ ዝኽውን
- ናይ ዶክትሬት ዲግሪ ኣፍልጦ ንምርካብ ትሓትት እንተኾንካ።

ሰነዳት?

ናብ NARIC ከተቕርቦም ዘለካ ሰነዳት ኣብቲ ኣገባብ ይምርኮሱ። ካብ ደረጃ ኣክረዲቴሽን ንላዕሊ ንፍሉይ ኣክረዲቴሽን ዝያዳ ሰነዳት የድሊ። ሰነዳትኩም ብቋንቋታት ኔዘርላንድስ፡ ፈረንሳ፡ እንግሊዝኛ ወይ ጀርመንኛ እንተዘይተሰሪሖም፡ ትርጉም ኣተሓሒዝኩም ኣቕርቡ።

ወጻኢታት

ንኣፍልጦ ምምዕርራይ ዲፕሎማሻ ዝምልከት ክፍሊት ብነጻ ይከውን እንተድኣ ኣብቲ ትሓተሉ እዋን፥

- ኣብ መስርሕ ምምልካት ሕቶ ዑቕባ ምስ ትህሉ
- ቀዋሚ ኣፍልጦ ዝተዋህቦ ስደተኛ ወይ ድማ ግዚያዊ ኣፍልጦ ዝተዋህቦ ስደተኛ ምስ ትኸውን።
- ድንማ ገንዘብ ዝረክብን ነዚ ድማ ካብ ፈንድ መድሕን ጥዕና ብዝተረኽበ መርትዖ ምስ እተቕርብ፡
- ካብ ህዝባዊ ማእከል ማሕበራዊ ድሕነት ወይ ምስ መነባብሮ ደሞዝ ዝመጣጠን ማሕበራዊ ሓገዝ ትረክብ ምስ እትኸውን
- ትሕቲ ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኡ ናይ ሲቪክ ውህደት ውዕል ዘለዎ፣
- ደላዪ ስራሕ ምስ እትኸውን፣ ካብ VDAB ወይ ACTIRIS ድማ መሰነይታ ተቕርብ

ኤጀንሲ ላዕለዋይ ትምህርቲ፣ ትምህርቲ ዓበይቲ፣ ብቕዓትን ድጋፍ ተምሃሮን - NARIC File Processing

Consciencegebouw

Koning Albert II laan 15, 1210 Sint-Joost-ten-Node

T 1700

https://www.vlaanderen.be/ahovoks/dienstverlening/naric-vlaanderen

ዲፕሎማሻ ኣብ ዋሎንያ ወይ ብራስለስ ኣፍልጦ ንክወሃቦ

ዲፕሎማሻ ኣፍልጦ ንክወሃቦ፥

ኣብ ወጻኢ ሃገር ዲፕሎማ ረኺብካን ኣብ ዋሎንያ ወይ ብራስለስ ክትሰርሕ ምስ እትደሊን፡ ዲፕሎማሻ ኣፍልጦ ክወሃበካ ይኽእል እዩ። እንታይ ክትገብር ኣለካ? ናይ ዲፕሎማሻ 'ኣፍልጦ ናይ ምዕሩይነት' ካብ ፈደረሽን ዋሎንያ-ብራስለስ ክትሓትት ኣለካ።

ናይ ምዕሩይነት ኣፍልጦ ኣብ ቤልጅየም ናይ ወጻኢ ዲፕሎማኻ ከተማዓራርይ ዘኽእለካ ሰነድ እዩ።

ካብ ክልተ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ፤

- ደረጃ ኣፍልጦ: እዚ ኣብ ቤልጅየም (ባችለር፣ ማስተርስ፣ ወይ ካልኣ ደረጃ) ናይ ወጻኢ ዲፕሎማኻ ምስ ኣየናይ ደረጃ ትምህርቲ ከም ዝሰማማዕ ይምርምር።
- ፍሉይ ኣፍልጦ: ድሕሪኡ ትሕዝቶ ናይቲ ኣብ ወጻኢ ሃገር እትመሃርካዮ ትምህርቲ ምስቲ ኣብ ቤልጅየም ዘሎ ትምህርቲ ተመሳሳልነት ኣለዎ ድዩ የብሉን ይምርመር።

ንዲፕሎማ ደረጃ ኣፍልጦ ንምርካብ ዝቐርብ መመልከቲ ካብ 150 ክሳብ 200 ዩሮ ይኽፈሎ።

ቀዋሚ ስደተኛ ወይ ግዚያዊ ስደተኛ ዝተዋህቦም ወጻእተኛታት ዜጋታት ነቲ ክፍሊት ክኸፍሉ ኣየድልዮምን እዩ።

ቅድሚ እቲ ኣገባብ ምጅማርኩም ምስ ፈደረሽን ዋሎንያ-ብራስለስ ርክብ ምግባር ዝበለጸ እዩ።

(http://www.equivalences.cfwb.be/)

እቲ ኣገባብ ዝተሓላለኸ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብ ዞባዊ ማእከል ውህደት (ኣብ ዋሎንያ) ወይ ካብ ማሕበር 'Ciré' ኣብ ብራስለስ እውን ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

CIRE (ምውህሃድን ተበግሶታትን ንስደተኛታትን ወጻእተኛታትን)

Visvijverstraat 80/82

1050 Brussel

T 02 629 77 10

ኢመይል: cire@cire.be

www.cire.be

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይተን ኣብ ዋሎንያ ዝርከባ ዞባዊ ማእከላት ውህደት ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

https://actionsociale.wallonie.be/home/thematiques/integration-des-personnes-d-origines-etrangeres/centre-regional-d-Integration.html

7. ማሕበራዊ ድሕንነትን ማሕበራዊ ሓገዝን

ማሕበራዊ ሓገዝ ካብ ህዝባዊ ማእከል ማሕበራዊ ድሕነት (ማሕበራዊ ቤት)

ናይ ግዚያዊ ስደተኛ ዕቅባ ተዋሂቡካን ገና ገዛ ክትካረን ንመነባብሮኻ ከተማልእን ኣታዊ እንተዘይብልካ፡ ካብ OCMW ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ካብ OCMW ማሕበራዊ ሓገዝ መን ይረክብ?

ካብ OCMW ማሕበራዊ ሓገዝ ንምርካብ፡ ሓያሎ ቅድመ ኩነታት ከተማልእ ኣለካ፤

- ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ ቤልጅየም ትነብር ክትከውን ኣለካ (ቀዋሚ ስደተኛ፣ ግዚያዊ ስደተኛ ወዘተ)
- እኹል መነባብሮ የብልካን። ህዝባዊ ማእከል ማሕበራዊ ድሕነት ንኹነታትኩምን ኣታዊኹምን ክግምግመኩም እዩ።
- ኣብ ቤልጅየም መንበሪ ቦታ ኣድራሻ ክህልወካ ኣለዎ።

ህዝባዊ ማእከል ማሕበራዊ ድሕነት ካልእ ቅድመ ኩነት እውን ከቕምጥ ይኽእል እዩ: ክትሰርሕ ፍቓደኛ ምኻን: መጀመርታ ካልእ ክትረኽቦ ዝግበኣካ ጥቕምታት ምሕታት:...

OCMW እንታይ ሓገዝ ይህብ?

OCMW ኣየናይ ሓገዝ ንዓኻ ዝያዳ ከም ዝሰማማዕ ይምርምር። ገለ ኣብነታት ናይቲ ዝወሃብ ሓገዝ፤

- ገንዘባዊ ሓገዝ (ወርሓዊ ናይ መነባብሮ ደሞዝ ወይ ካብቲ ናይ መነባብሮ ደሞዝ ንታሕቲ እንተረኺብካ መመላእታ)
- መንበሪ ገዛ ወይ ኣብ ምርካብ መንበሪ ሓገዝ ምሕጋዝ

- ናይ ምትካል ድጋፍ (ንዕድጊ ፍርናሽን ኣቑሑት ገዛን ዝግበር ሓገዝ)
- ንሕክምናዊ ክንክን ኣብ ምኽፋል ምሕጋዝ
- ኣብ ምድላይ ስራሕ ሓገዝ
- ዕዳታት ኣብ ምኽፋል ሓገዝ (ሽምግልና ዕዳ)
- ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ሓገዝ

ማሕበራዊ ሓገዝ እንተድኣ ደሊኹም፡ ናብቲ እትነብረሉ ምምሕዳር ከተማ ህዝባዊ ማእከል ማሕበራዊ ድሕነት (OCMW) ተወከስ።

8. ክንክን ጥዕና

8.1.1. መድሕን ጥዕና

መድሕን ጥዕና

ኣብ ቤልጅየም መድሕን ጥዕና ምውሳድ ግዴታ እዩ። እንተ ሓሚምካ፡ እቲ ናይ ጥዕና መድሕን ጥዕና ዓቢ ክፋል ናይቲ ሕክምናዊ ወጻኢታት ይሽፍል። ብሰንኪ ሕማም ወይ ሓደጋ ክትሰርሕ እንተዘይክኢልካ፡ ደሞዝካ ንምትካእ ገንዘባዊ ካሕሳ ትረክብ። ከም ግዚያዊ ስደተኛ ሰብ መጠን፡ ኣብ ዝመረጽካዮ ኣፍልጦ ዘለዎ ናይ ጥዕና መድሕን ትካል ክትጽንበር ኣለካ። ኣባል ናይ ሓደ ናይ ጥዕና መድሕን ፋንድ ክትኮኑ እንተዘይደሊኹም፡ ናብ 'Hulpkas voor Ziekte-en Invaliditeitsverzekering' (ናይ ሕማምን ስንክልናን መድሕን ሓገዝ ፈንድ) ብነጻ ክትጽንበሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ትካል መድሕን ጥዕና እንታይ ይገብረልካ?

ናይ ጥዕና መድሕን ትካል (ወይ ናይ ሓባር ማሕበር ሚቹዋሊቲ)

- ንሕክምናዊ ክንክን ዝኸውን ወጻኢታት ይሽፍል
- ብሰንኪ ሕማም ወይ ሓደጋ ኣብ እዋን ናይ ወሊድ ዕረፍቲኻ (ድሕሪ ሕርሲ) ንስራሕ ዓቕሚ እንተዘይብልካ ገንዘባዊ ሓገዝ ይሽፍል

- ኣገልግሎት ክንክን ገዛ የዳሉ (ንህጻናትን ኣረጋውያንን ዝኸውን ሓገዝ)
- ኣብ ገዛ ንዝርከቡ ሕሙማት ንምሕብሓብ ዝኸውን ናይ ሕክምና መሳርሒታት የለቅሕ።

መድሕን ጥዕና ክንደይ ይኸውን?

እንተተጸንቢርካ፡ ዓመታዊ ውሱን ኣበርክቶ (ካብ 80 ክሳብ 110 ዩሮ) ክትከፍል ኣለካ። መድሕን ጥዕና ንህጻናት ወይ ንኻልኦት ተኣለይቲ ብነጻ እዩ።

ኣየኖት ናይ ጥዕና መድሕን ትካላት ኣለዉ?

ክርስትያን ናይ ሓባር መድሕን ፋንድ (CM)፣ ሊበራላዊ ናይ ሓባር መድሕን ፋንድ፣ ሶሻሊስት ናይ ሓባር መድሕን ፋንድ፣ ነጻ ናይ ጥዕና መድሕን ፋንድ፣ ገለልተኛ ናይ ጥዕና መድሕን ፋንድ። ኣብ መርበብ ሓበሬታ RIZIV (ሃገራዊ ትካል መድሕን ጥዕናን ስንክልናን መድሕን) ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ናይ ጥዕና መድሕን ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም፤

https://www.riziv.fgov.be/nl/professionals/andere-professionals/ziekenfondsen/contacteer-de-ziekenfondsen

8.2. ጥዕና ህጻናት

ጥዕና ውላድኪ ወይ ቆልዓኪ

ቤልጅየም ንጥዕና ኩሎም ትሕቲ 3 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ዝከታተል ነጻ ኣገልግሎት ኣለዋ።ኣብኡ ብዛዕባ ጥንስኺ፡ ምዕባለ ውላድኪን ኣተዓባብያኻን እውን ሕቶታት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ንውላድኩም (ኣብ መንጎ 0 ወርሕን 3 ዓመትን) ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት Kind & Gezin (ፍላንደርስን ብራስለስን) ወይ ONE (ዋሎንያን ብራስለስን) ንነጻ ምኽሪ ከተምጽእዎ ትኽእሉ ኢኹም። እዘን ናይ ምምኽኻር ማእከላት ጥንስቲ እንተኾይንኪ እውን ደገፍ ይህባ።

ቆልዓ & ስድራቤት

Kind & Gezin

T 078 150 100

https://www.kindengezin.be/nl/contact

ቤት ጽሕፈት ልደትን ቁልዕነትን (ONE)

L'Office de la Naissance et de l'Enfance (ONE)

02 542 12 11

https://www.one.be/public/contact/

ኣብ እዋን ምምኽካር እንታይ ይኸውን?

- ወለንተኛታት ንውላድኪ ይዕቅኑን ይመዝኑን።
- ሓኪም ወይ ነርስ ንውላድካ ይምርምሮ።
- ኣብተን ቀዳሞት ሒደት ሰሙናት ድሕሪ ሕርሲ፡ ኣለይቲ ሕሙማት ውላድኪ ጽቡቕ ከሰምዕ እንተኽኢሉ ይምርምራ።
- ኣብ መንነ 12 ክሳብ 24 ኣዋርሕ፡ ሓካይም ወይ ነርስታት ውላድካ ጽቡቕ ክርኢ እንተኽኢሉ ይምርምሩ።
- ውላድኪ ኣድላዩ ክታበት ከረክብ እዩ።
- ብዛዕባ ኣመጋግባ፡ ኣተዓባብያ፡ ድሕነትን ጥዕናን ሕቶታት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ውላድ ሓሚሙ?

ውላድካ ኣብ ዝሓመመሉ እዋን ናብ ሓፈሻዊ ሓኪም እምበር ናብ ክሊኒክ ጥዕና ክትከይድ የብልካን።

9. መንበሪ ኣባይቲ

ምድላይ ገ1

ናይ ግዚያዊ ስደተኛ መሰል ምስ ተዋህበካ፡ ናይ ገዛእ ርእስኻ መንበሪ ገዛ ክትረክብ ክልተ ወርሒ ኣለካ። ድሕሪ እቲ ግዜ ካብቲ መቐበሊ ኣጋይሽ ወይ ካብ ገዛ OCMW ክትወጽእ ኣለካ።

ኣብ ውሽጢ 2 ወርሒ ገና ገዛ እንተዘይረኺብኩም፡ ፌዳሲል ነቲ ግዜ እንተበዝሐ ናብ 4 ወርሒ ከናውሉ ይኽእል እዩ።

ሰነዳትኩም ብስርዓት ሰሪዕኩም ኣምጽኡ

ቅድሚ ናይ ገዛእ ርእስኻ ገዛ ምድላይ ምጅማርካ፡ ኩሉ ሰነዳትካ ብስርዓት ኣዳልው፥

- ኤሌክትሮኒካዊ መንነት ወረቐት (ሀ) .
- ናይ ባንክ ሕሳብን ናይ ባንክ ካርድን
- መድሕን ጥዕና

ናይ ክራይ ውዕል ንምእታው እዞም ሰነዳት የድልዩኻ

ክንደይ ክራይ ገዛ ክትከፍል ትኽእል?

ኣስታት ሓደ ሲሶ ካብ ኣታዊኻ ገዛ ንምክራይ ተጠቕመሉ። ብርግጽ ልዕሊ ፍርቂ ኣታዊኻ ንኽራይ ኣይትጠቕመሉ!

መንበሪ ገዛ ምድላይ

ገዛ እትደልየሉ ኣገባብ፥

- ኣብ ናይ ብሕቲ ዕዳጋ፡ ብመንገዲ ትካል ኣካረይቲ ወይ ብመንገዲ ኣዕሩኽትኻ፡ ፈለጥትኻ፡ ወይ ወለንተኛታት ተሓጋገዝትኻ
- ኣብ ማሕበራዊ ዕዳጋ፡ ማሕበራዊ ክራይ ኤጀንሲ (SVK) ወይ ማሕበራዊ መንበሪ ኣሳለጥቲ (SHM) ንዝደልዩ ሰባት ገዛውቲ ይህባ።
- ማሕበራዊ ገዛ ክትካረ፡ ናብ ማሕበር ኣባይቲ ከተመልክት ኣለካ። መንበሪ፡ ዕድመ፡ ማእከላይ እቶት፡ ከምኡውን ዋንነት ንብረት ዝምልከት ቅድመ ኩነት እንተ ኣማሊእካ፡ እቲ ማሕበር ኣብ መዝገብ ምዝገባ ክምዝግበኣካ እዩ። ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይተን ኣብ ፍላንደርስ ዝርከባ ማሕበራት ኣባይቲ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

https://www.vlaanderen.be/wonen-in-vlaanderen/zoek-een-woonmaatschappij?order identifier=desc

ኣብ እዋን ምብጻሕ፡ እቲ ገዛ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ምህላዉ ኣረጋግጽ። እቲ ቦታ ገፊሕ ድዩ ርጥብ ዝበለ ቦታታት ኣሎ ድዩ? ማይን መውሳዱን ኤለክትሪክን ዝኸውን መሳለጥያታት ኣለዎ ድዩ? እቲ ገዛ ንስድራኻ ውሑስ ቦታ ድዩ፧ ኣረጋግጽ

ዋና ገዛን ንስኻን (ተኻራያይ) ብሓባር ናይ ክራይ ውዕል ክትፍርሙ ኣለኩም። እቲ ኣካራዱ ካብ ተኻራያይ ናይ ትሕጃ ናይ ክራይ ገንዘብ እውን ይሓትት። እቲ ናይ ክራይ ትሕጃ ገንዘብ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ኣዋርሕ ክራይ ገንዘብ ክራይ ከኸውን ይኽእል። ንOCMW ነቲ ናይ ክራይ ተቐማጢ ገንዘብ ኣቐዲሙ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ፡ እንተኾነ ግን ድሒርካ ነቲ መጠን ገንዘብ ክትመልሶ ትግደድ ኢኻ።

ገዛ ንምድላይ ዝሕግዙ መርበባት ሓበሬታ

https://www.immoweb.be

https://www.zimmo.be

https://immovlan.be

https://www.realo.be

https://www.immoscoop.be

https://www.2dehands.be/cp/1032/immo/

10. ውህደት

10.1.1. ናይ ውህደት ኮርስ

ትምህርቲ ውህደት

ኣብ ቤልጅየም ከም ገዛኻ ኮይኑ ክስምዓካን ነታ ሃገር ብዝበለጸ ክትፈልጣን ትደሊ ዲኻ? ኣብቲ እትነብረሉ ዞባ ናይ ማሕበራዊ ዝንባለ ትምህርቲን ትምህርቲ ቋንቋን ውሰድ። ኣብ

ቤልጅየም ሓድሽ ትኹን ወይ ኣብ ቤልጅየም ንነዊሕ እዋን ትነብር እንተኾንካ፡ ብቋንቋኻ ትኽተሎ ወይ ብትርድኡ ቋንቋ መደብ ሲቪካዊ ውህደት ክትከታተል ትኽእል ኢኻ።

ንመን?

- ንኹሎም ኣብ ቤልጅየም ሕጋዊ መንበሪ ዘለዎም ወጻእተኛታት ዜጋታት
- ኣፍልጦ ዝረኸቡ ቀወምቲ ስደተኛታትን ግዝያዊ ስደተኛታት ሰባትን።

እንታይ ትመሃር?

መደብ ሲቪካዊ ውህደት ዝሓቖፎም ነገራት፤

- ኣብ ቤልጅየም ምንባር ዝምልከት ኮርስ (ስራሕ፡ መንበሪ ገዛ፡ ትምህርቲ፡ መሰላትካን ግዴታታትካን)
- ስራሕ ወይ ትምህርቲ ምስ ምርካብ ዝግበር መምርሒ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ስፖርት፡ ባህልን ትርፊ ግዜን።

ኣብ ዞባኹም ንዝርከቡ ናይ ውህደት ክፍልታት ተመዝገቡ።

ውህደት ኣብ ፍላንደርስ፤

ኤጀንሲ ውህደትን ሲቪክ ውህደትን።

https://www.integratie-inburgering.be/nl/contact/contactpunten

ውህደት ኣብ ዋሎንያ፤

https://actionsociale.wallonie.be/home/thematiques/integration-des-persorines-d-origines-etrangers/centre-regional-d-integration.html

ውህደት ኣብ ብራስለስ፤

https://bewelcome.brussels

ውህደት ኣብ ጌንት፤

https://www.amal.gent/

ኣብ ማሕበረሰብ ተዛረብቲ ጀርመን ምውህሃድ

https://info-integration.be/integrationsparcours/

ብተወሳኺ ተጠቀምቲ ግዚያዊ ስደተኛ ምስ ምምሕዳራዊ ስጉምትታቶምን መስርሕ ምውህሃዶምን መምርሒ ንምርካብ ናብ ካሪታስ ኢንተርናሽናል ክኸዱ ይኽእሉ እዮም። ዕላማ ዝገበሩሎም ተዓዘብቲ ብቕንዱ ብተቓላዕቲ ስደተኛታት ዝቕመ ኮይኑ፡ ናብ ርእሰ-ምሕደራ ኣብ ዝሰጋገሩሉ እዋን ይሕገዙ።

ካሪታስ ኢንተርናሽናል

Caritas International

Liefdadigheidstraat 43

1210 Brussel

ቴሌፎን፡ 02 229 36 11

https://www.caritasinternational.be/nl/contact/

10.2. ትምህርቲ ቋንቋ

ኣብ ቤልጅየም ምስ ዘለዉ ሰባት ክትሰርሕን ክትመሃርን ክትራኸብን፡ ኑቲ ቋንቋ ክትመሃሮ ኣለካ። ኣብ ቤልጅየም፡ ንዘይተዛረብቲ ቋንቋ ኔዘርላንድስ ወይ ፈረንሳ ኮርስ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ቤልጅየም ሰባት ከከምቲ ዝነብሩሉ ቦታ ቋንቋ ኔዘርላንድስ ወይ ፈረንሳ ይዛረቡ። ኣብ ንእሽቶ ክፋል እታ ሃገር (ኣውራጃ ሊየጅ) ጀርመንኛ ይዛረቡ።

ኩሎም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኔዘርላንድስ፡ ፈረንሳ ወይ ጀርመን ይመሃሩ። ዓበይቲ ሰባት ኣብ ኮርስ ቋንቋ ክምዝገቡ ይኽእሉ።

ኣብ ፍላንደርስ ንክፍሊ ቋንቋ ኔዘርላንድስ ብመንገዲ ኤጀንሲ ውህደት ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ሲቪካዊ ውህደት፡

https://integratie-inburgering.be/nederlands-leren

ኣብ ብራስለስ ንክፍሊ ቋንቋ ሆላንድ ብመንገዲ ሄት ሁይስ ቫን ኔደርላንድስ ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም።

https://www.huisnederlandsbrussel.be/info/leren/cursus

ኣብ ብራስለስ ወይ ዋሎንያ ንክፍሊ ቋንቋ ፈረንሳ ብመንገዲ CIRÉ ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም።

https://www.cire.be/nos-activites/ecole-de-francais/ ወይ ብመንገዲ ፎርመሽን ብራስለስ

https://www.bruxellesformation.brussels/nous-contacter/

ንትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ኣብ ዋሎንያ፡ ኣብ ዞባዊ ማእከላት ውህደት https://actionsociale.wallonie.be/home/thematiques/integration-des-personnes-d-origines-etrangeres/centre-regional-d-integration.html ሕተቱ

11. ፍሉይ መሰላት ኣላዩ ንዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ቆልዑትን

ሓደ መሰነይታ ዘይብሉ ወጻእተኛ ዜጋ ናይ ንኡስ ሓለዋ ደረጃ ምስ ዝወሃቦ፡ እቲ ትሕቲ ዕድመ ገና 18 ዓመት ክሳብ ዘይበጽሐ እቲ ሞግዚትነት ይቕጽል።

ብመሰረት ሕጊ ሞግዚትነት፡ እቲ መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ዕድመ ምስ በጽሐ፡ መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ደረጅኡ ይስእን፡ ስልጣን ናይቲ ኣላዩ ድማ ይውዳእ። ከም ሳዕቤኑ ድማ እቲ ኣላዩ ድሕሪ ደጊም ኣብ ሕጋውን ምምሕዳራውን መስርሕ ንመንእሰያት ኣይውከልን እዩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ኣላዩን እቲ መንእሰይን መብዛሕትኡ ግዜ ርክብ ይገብሩ፣ እቲ ኣላዩ ድማ ነቲ መንእሰይ (መንእሰያት) ምድጋፉ ይቐጽል።

ምስ ኣላዩኻ ግርጭት እንተ ኣጋጢሙ፡ መጀመርታ ንኣገልግሎት ሞግዚት ርክብ ግበር። እንተድኣ ብርትዕ ዝበለ ጎንፂ እንተጋጢሙ ድማ ዳኛ ሰላም ጣልቃ ክኣቱ እዩ።

ፍትሒ ሰላም ነቲ ሓላዊ ካብ ስልጣኑ ከውርዶ ዝኽእል ኣብ ስርሑ ምስ ዝፈሽል ወይ ድማ ምስቲ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ከቢድ ዘይምርድዳእ ምስ ዘጋጥም ጥራይ እዩ።

ወለዲ ናይ ሓደ መሰነይታ ዘይብሉ ወጻእተኛ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ምስቲ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ክጽንበሩ ይኽእሉ፡ ምስቶም ወለዲ ናይ ዘመድነት መርትዖ ክቐርብ እንተኽኢሉ። ብዛዕባ እቲ ኣገባብ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ምዕራፍ 3.2 ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ምጥርናፍ ስድራቤት።

ሓደ መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ናይ ንኡስ ሓለዋ ደረጃ ዘለዎ ፋይናንሳዊ ማሕበራዊ ሓገዝ ክረክብ መሰል ኣለዎ። ንዝያዳ ሓበሬታ ምስ ህዝባዊ ማእከል ማሕበራዊ ድሕነት (OCMW) ናይቲ እትነብረሉ ቦታ ተወከሱ። ንኡስ ሓለዋ እንተሃልዩካን ልዕሊ 16 ዓመት እንተኾንካን፡ ንዝድገፍ መነባብሮ ከተመልከት ትኽእል ኢኻ። 18 ዓመት ምስ መላእካን መንበሪ ፍቓድ ምስ ሓዝካን፡ ብናጻ ክትነብር ትኽእል ኢኻ። ምስ (ናይ ቀደም) ኣላዩኻን/ወይ ናይ ደገፍ ሰራሕተኛኻን ነቶም ኣማራጺታት ርኣ።

ፈደራላዊ ህዝባዊ ኣገልግሎት ፍትሒ - ኣገልግሎት ሓለዋ

FOD JUSTITIE – Dienst Voogdij

Waterloolaan 115

1000 Brussel

ቴሌፎን፡ 78 15 43 24

ኢመይል፡ voogdij@just.fgov.be

https://justitie.belgium.be/nl/dienstvoogdij

Office of the Commissioner General for Refugees and Stateless Persons (CGRS)

www.cgvs.be

www.asyluminbelgium.be

Rue Ernest Blerot, 39
1070 BRUSSELS
Belgium